

# ሕጂ ተራኻ እዩ

ከምዚ ዝስዕብ ብምግባር ኢና ሽወደን ንዓኻ ሓያል ክንገብራ ሓሲብና ዘለና።

# ሓንቲ ሓያል ሽወደን ንዓኻ

ኣብዚ ቀውዒ፡ ሃገርና ኣየናይ ኣንፈት ከም እትሕዝ ኣብ ምውሳን ክትሳተፍ ኢኻ። ንሕብረት እምበር ንምፍልላይ ኣይኮንናን ቃል ንኣቱ። ንወፍሪ እምበር ንንከያ ኣይኮንናን ቃል ንኣቱ። ሽወደን ንነዊሕ እዋን ተዳኺማ እያ ጸኒሓ፡ ንሕና ግን ሽወደን ንዓኻ ዳግማይ ሓያል ክንገብራ ኢና ንደሊ።

ንሕና ሶሻል ደሞክራተር ዕዮ ገዛና ሰሪሕና ናብ መበቆልና ተመሊስና ኣለና። ንሰለስተ ዓመት ነዚ ናይ ሎሚ ሽግራት ዝፈትሕን ንሽወደን ኣብ ግዜ ቅሉውላው ዘደልድልን መፍትሒታት ክንረክብ ክንሰርሕ ጸኒሕና ኣለና። ሕጂ ዝያዳ ብነብስና ንተኣማመንን ሓይሊ ትግባረን ዘለና ሰልፊ ኢና። ምስ ተልእኾ ናይ ጻዕራማት ሰባት መዓልታዊ ህይወት ንምምሕያሽን ሕብረተሰብኣዊ ሕብረት ንምሕያልን እዩ።

ሕጂ ተራኻ እዩ።

## ኣብ ማሕፉዳኻ ርኡይ ዝኾነ
## ድልዱል ቁጠባ

ድሕሪ ናይ ዓመታት ዝቕባበ ቍጠባ፡ ልዑል ምውሳኽ ዋጋታት መግቢን ዓቢ ምጉዳል ግብሪ ንሃብታማትን፡ ናይ ግድን ተራ ናይቶም ተራ ስራሕን ደሞዝን ዘለዎም ተራ ሰባት ክኸውን ኣለዎ። ብናትና ፖለቲካ፡ ካብ ዓሰርተ ሰባት ትሽዓተ ኣብ ማሕፉደኦም ዝያዳ ገንዘብ ይህልዎም።

ነቲ ክብረ ወሰን ጥሒሱ ዘሎ ሽቕለት ኣልቦነት ክንቃለሶ ኢና ንደሊ። ኵሉ ክሰርሕ ዝኽእል ሰብ ክሰርሕ ኣለዎ። ሽወደን ደራኽን ዘመናውን ፖሊሲ ዕብየት የድልያ ኣሎ። ኣብ ማሕበራዊ ድሕነትን ክሊማዊ ለውጢን ዝግበር ወፍሪ ኣብ መላእ ሃገር ዝያዳ ስራሕ ምፍጣር ማለት እዩ።

- **እቲ ዘይፍትሓዊ ናይ ብቕዓት ግዜ (karens) ክእለ ኣለዎ።**
- **ንዓኻ ምሉእ ህይወትካ ዚሰራሕካ፡ ዝለዓለ ጡረታ።**
- **ኣብ ባንክታትን ዓበይቲ ትካላት መሸጣ መግብን ዝበርትዓ ጸቕጢ።**
- **ውሕስነት ካብ ልዑል ዋጋ ሓይሊ ኤሌክትሪክ።**
- **ምውሳኽ ቍጠባዊ ሓገዝ ቈልዓን ነጻ ክፍሊት ክንክን ስኒ ንመንእሰያትን።**

## ንዓኻን ንስድራ ቤትካን ዝኸውን ድልዱል ቤት ትምህርቲ፡ ክንክን ጥዕናን ማሕበራዊ ክንክንን

ኣበየናይ ደረጃ ህይወት ከም ዘለኻ ብዘየገድስ፡ ውሑስ ክትከውንን ደገፍን ሓገዝን ክትረክብን ይግባእ።
ስለዚ ኣብ ክንክን ጥዕና፡ ኣብያተ ትምህርትን ማሕበራዊ ክንክንን ንዓኻ ዝኸውን ዝያዳ ግዜ ንኽህልዎም ተወሰኽቲ ሰራሕተኛታት የድልዩ እዮም።

ናይ ቤት ትምህርቲ ገንዘብ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክጸንሕን፡ መምህራን ድማ ነቲ ኢዱ ዘልዕል ቆልዓን ነቲ ፈጺሙ ኢዱ ዘየልዕል ቆልዓን ዝያዳ ግዜ ክረኽቡ ኣለዎም። ኣብ ክንክን ኣረጋውያን ዝያዳ ወፍሪ ክንገብር ኢና፡ ኣብ ሽወደን ምእራግ ውሑስ ክኸውን ስለ ዘለዎ ሰራሕተኛታት ዝሓሸ ኩነታት ከም ዝህልዎምን ቋንቋ ሽወደን ክዛረቡ ከም ዝኽእሉን ከነረጋግጽ ኢና።

- **ዝሓጸረ ናይ ምጽባይ ግዜ ኣብ ክንክን ጥዕና።**
- **ዝያዳ መምህራን ኣብ ቤት ትምህርቲ።**
- **ካብ ኣብያተ ትምህርትን መውዓል ህጻናትን ምኽልካል መኽሰብ።**
- **ኣብ ክንክን ኣረጋውያን ተወሰኽቲ ሰራሕተኛታትን ጠለብ ክእለት ቋንቋን።**

## ኣብ እትነብረሉ ቦታ ድልዱል ቅርበት ሕብረት ሰብን ዝያዳ ድሕንነትን

ገበን ናብ መዓልታዊ ህይወት ሰባት እናቐረበ ይኸይድ ስለዘሎ፡ ፍሉይ ከቢድ ኩነታት ሓድሽ ተጥቅዓሉ ኣገባባት ይሓትት እዩ። ስለዚ ኢና ድማ ኣብ ሓደጋ ንዝርከቡ መንእሰያት ብንጹር ክነላልዮምን ነቶም መራሕቲ ጉጅለ ገበን ብሕጊ ማፍያ ክንቅይዶም ንደሊ።

ካብ ወጻኢ ዝመጽእ ስግኣት እውን ኣሎ። ስለዚ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ሽወደን ብቕልጡፍ ክድልድል ኣለዎ። ማዕረ ማዕሪኡ ተነቃፊ ክፋላት ሕብረተሰብ ከም መንገዲ ባቡር፡ ክንክን ጥዕና፡ ሓይሊ ኤሌክትሪክን ቀረብ መግብን ክሕይል ንደሊ ኢና። ንሽወደን ንምውሓስ ክንተሓባበርን ሰፊሕ ፖለቲካዊ ደገፍ ክንፈጥርን ድሉዋት ኢና።

- **ንናይ ሽወደን ደሞክራሲ ምሕላው ቅዱ ኣነባብራናን እዩ።**
- **ጠቕላላ ምክልኻል ክሰፍሕ ኣለዎ።**
- **ኣብ ገበንን ጠንቅታት ገበንን ተሪር ስጉምቲ።**
- **ሕጊ ማፍያ ነቶም መራሕቲ ጉጅለታት ገበን ከም ዝቕየዱ ክገብር እዩ።**
- **ሽወደን ንሓደጋ ዝተቓለዓ መንበሪ ከባቢታት ክህልዋ የብሉን።**

ንኻልኦት መዳያት ፖሊሲታትና ዝምልከት ኣብ socialdemokraterna.se ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

# ሰላም፡

ንሽወደን ኣዝየ እየ ዝፈትዋ፡ እዛ ሃገር ግን ንነዊሕ እዋን ናብ ዝተፈላለየ ኣንፈት ክትምዕብልን ክትደክምን ጸኒሓ ኣላ። ኩነታት ጻዕራማት ሰባት ዝኸፍአ ኾይኑ።

ነዛ ሃገር ንዓኻ መሊሰ ሓያል ክገብራ መደብ ኣለኒ። ውጽኢት ዘምጽእን መዓልታዊ ህይወት ዝሓሸ ዝገብርን ሰፊሕን ድልዱልን ምትሕብባር ክሃንጽ እደሊ። ኣብዚ እንነብረሉ ዘለና ዘየተኣማምን እዋን፡ ረብሓ ሽወደን ቀዳምነት ክስራዕ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣገዳሲ እዩ።



ኩሉ ነገር ንኹሉ ሰብ ቃል ኣይኣቱን እየ። ድሕሪ ብዙሕ ከቢድ ዓመታት ግን ሕጂ ናትካን ናይ ስድራ ቤትካን ተራ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ንዓካ ዝኣትዎ መብጽዓ እዩ።

ዕለት 13 መስከረም ምርጫ ኣለካ። ነዛ ሃገር መሊስና ሓያል ጌርና ምእንቲ ክንሃንጾ፡ ንሽወደን ንኽመርሕ ናትካ እምነት እደሊ ኣለኹ።

ማግዳሌና ኣንደርሰን

እዚ ናይ ምርጫ ብሮሹር ናብ
17 ቋንቋታት ተተርጒሙ ኣሎ።

ድምጻይ ንሶሻል ደሞክራተርና
ክህብ ደልየ ኣለኹ።

Socialdemokraterna